# ገዲም ድልድል ዶብ ስቪነሱንድ ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንዘለዎም ገያሾ ይኽፈተሎም

Pressemelding/ጋዜጣዊ መግለጺ | Dato/ዕለት: 27.08.2021
| Nr/ቑጽሪ: 134 – 2021

ጸቕጢ ዋሕዚ ገያሾ ብድልድል ዶብ ስቪነሱንድ ንምፉኳስ መንግስቲ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንዘለዎም ገያሾ በቲ ገዲም ድልድል ስቪነሱንድ/Svinesundbro ንክሰጋገሩ የፍቅድ ኣሎ። እዚ ክኾውን እንተኾይኑ ብምልኦም እቶም ኣብ መኪና ዝርከቡ ተሳፈርቲ ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ክህልዎም ኣለዎ። በቲ ሓድሽ ድልድል ስቪነሱንድን ንዘሎ ፈታሽ ግምሩኽ ንዝሓልፉ ተሳፈርቲ ድማ ንክሓልፉ የቃልለሎም።

–ጽቕጠት ዋሕዚ ተሸከርከርቲ ኣብ ሓድሽ ድልድል ስቪነሱንድ ንምድራት መንግስቲ ኖርወይ ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ከቕርቡ ዝኽእሉ ገያሾ ነቲ ገዲም ድልድል ስቪነሱንድ ንክኸፍተሎም ወሲኑ ኣሎ። ኣብዚ ከነጽሮ ዝደሊ እንተሎ ኩሎም እቶም ኣብ ነፍሰ ወከፍ መኪና ዝህልው ተሳፈርቲ እንተ ኣብ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዘሕለፉ ወይ ከኣ ክልቲኡ መራፍእ ክታበታት ዝተኸተቡ ክኾኑ ከም ዘለዎም ኢዩ። ብዶብ ብምስግጋር ሕድገት ተዋሂብዎም ብመሰረት መምርሒ ኮቪድ-19 ዘየቐይዶም ቈልዑ፡ በቲ ሓድሽ መሰጋገሪ ዶብ ስቪነሱንድ ምስግጋሮም ክቕጽሉ ይግደዱ። ንብረት ንምግምራኽ ብእንዳ ግምሩኽ ክሓልፉ ዘለዎም እውን ከምኡ ትብል ሚንስተር ፍትሕን ተዳልዎን ሙኒካ ሜላንድ።

ኣብ ዘሕለፍናዮ ክረምቲ ኣብ ሓድሽ ድልድል ስቪነሱንድ ተኸሲቱ ንዝነበረ ምስግጋር ዶብ ብዝሒ መሳርዕን ሓያሎ ሰዓታት ትጽቢታትን ንምድራት ኢዩ እቲ ዕላማ። መደበር ፈታሽ ግምሩኽ ኣብ ሓድሽ ድልድል ስቪነሱንድ ይርከብ ብምኳኑ፡ ብሰንኪ ነዋሕቲ መሳርዕ ንዝሓልፉ መጓዓዝያ ጽዕነት ዓበይቲ መካይን እምብዛ ከሽግረን ጸኒሑ’ዩ።

– መታን በቲ ገዲም ድልድል ሲቪነሱንድ ዝመሓላለፉ ገያሾ ንምፍታሽ ስሉጥነት ክህልዎ፡ ኣብቲ ክሊ ፍተሻ ምምሕያሻት ተጌሩ ኣሎ። ብሓፈሽኡ እቲ ምምሕያሻት ንዝያዳ ኣድማዕነት ምስግጋር ዶብ ከጓናጽፍ ንትስፎ ትብል ሚኒስተር ሜላንድ።

ምሉእ ብምሉእ ዝኽተቡን ብቑዑ ወረቐት ምስከር ኮሮና ከቕርቡ ዝኽእሉን ዜጋታትና እናበዝሑ ይመጽኡ ብምህላዎምን ብእኡ ንዝመጽእ ዋሕዚ ንክኽዕብት ክትጽበዮ ግድን ኢዩ። ህልው ስርዓት-ፍተሻ

ከም ዘለዎ ክቕጽል እንተኹይኑ፡ መታን ግዜ ትጽቢት ፈታሽ ጽዕነት ዓበይቲ መካይን ክሓጽር ዋሕዚ ተሽከርከርቲ ሓድሽ ድልድል ስቪነሱንድ ንክጓደል ኣድላዪ ይኹውን ኣሎ።

እዚ ለውጢ እዚ ንቀዳም ዘውግሕ፡ ካብ ዕለት 8 ነሓሰ ንኔው ኣብ ግብሪ ይውዕል።